**ሚኒስትሪ ዕዮ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ**
**ጸብጻብ ኣዝዩ ሕማቕ ኣተሓሕዛ ሸቕለት ቆልዑት 2019**
**ኤርትራ:**

ኣብ 2019 ዝተገብረ ገምጋም፥ ኤርትራ ኣብ ጉዳይ ኣተሓሕዛ ሸቕሊ ቆልዑ ምምሕያሽ ከም ዘይገበረት ዘርኢ እዩ። ኤርትራ፥ ዋላ'ውን ንጉዳይ ሸቕሊ ቆልዑ ንምፍታሕ ተበግሶታት እንተወሰደት፥ ኣብ ኣተሓሕዛ ሸቕሊ ቆልዑ ምምሕያሽ ኣይገበረትን ክትበሃል ዝኽኣለሉ ምኽንያት፥ ኣብ ሓያሎ ኣጋጣሚታት፥ ኣብ ጉዳይ ሸቕሊ ቆልዑ ተሓባባሪት ዝገብራ ፖሊሲ፥ምምሕያሽ ኣይገበረትን ዝብል ገምጋም ስለዝተረኽበ እዩ።ሰበ- ስልጣን መንግስቲ፥ ገሊኦም ኣብ ትሕቲ ክሊ ዕድመ 18 ዓመት ንዝርከቡ ተመሃሮ 12 ክፍሊ፥ ኣብቲ ወተሃደራዊ ታዕሊም ክትወስድ ትግደደሉ መደባት ሃገራዊ ኣገልግሎት ብሓይሊ ክሳተፉ ምግባር ቀጺሎም ምህላዎም እዩ።ብኻልእ ወገን፥ መንግስቲ ፥ ኣብ ጉዳይ ኣገባብ ሕማቕ ኣተሓሕዛ ሸቕሊ ቆልዑት ፥ንውዕል ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ ( ኣይኦኤል ) ቁጽሪ 182 ብምቕባል ጻዕርታት ጌሩ እዩ። ከምኡ`ውን ንመጀመርያ ጊዜ ኣሃዝ ኣብ ክትትል ምቁጽጻር ናይ ዝኣተዋ ጽላታት ከምኡውን ሰነድ ወይድማ ጸብጻብ ብዛዕባ ብዝሒ ኣብ ቅጺ ደሞዝ ዝኣተዉ ተቆጻጸርቲ ዕዮን ሂቡ`ሎ።ቆልዑት ኣብ ኤርትራ፥ ግዱድ ወታሃደራዊ ስልጠናን ሕርሻዊ ሸቕልን ኣብ ዘጠቓልል ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝኸፍአ ኣገባብ ሸቕሊ ዝተዋፈሩ እዮም። መንግስቲ ብተወሳኺ ንቆልዑት ብዛዕባ ዝተኸልከለ ሓደገኛ ዝብሃል መደብ ስራሕን ምንቅስቓሳትን ዝሕብር ዝርዝር ጸብጻብ ኣየውጽአን።ከምኡ`ውን እቲ መንግስቲ ነቲ ሕማቕ ኣተሓሕዛ ሸቕሊ ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ንምፍታሕ ጻዕርታቱ ንምውህሃድ ዝኽእሎ መካኒዝም ወይ ኣገባብ የብሉን።

ብመሰረት እዚ ጸብጻብ ድማ ፥ ኣብ ኤርትራ ሸቕሊ ቆልዑት ንምጥፋእ ዝሕግዙ ናይ ትግባረ ሓሳባት ወይድማ እማመታት ቐሪቦም ኣለው ።

| **ቦታ/ ዓውዲ** | **እማመ ትግባረ ሓሳብ** | **እማመ ትግባረ ዓመት** |
|---|---|---|
| ሕጋዊ ባይታ | ኩሎም ቆልዑት ብውልቀ፡ስራሕ ዝመሓደሩ ሓዊሱ: ሓለዋ ሕጊ ትሕቲ ዕድመ ክግበረሎም | 2010 – 2019 |
| | ምስ ኣስራሕትን ማሕበራት ሸቃሎን ብምልዛብ ንቆልዑት ብዛዕባ ዝተኸልከለ ሓደገኛ ዝብሃል መደብ ስራሕ ከልለዩን ኣብቲ ቦታ ናይ ዝሳተፉ ድማ ናይ ዕድመ ገደብ ክግበረሎም | 2015 – 2019 |
| | ንቆልዑት ንኣመንዝራነት ምውፋር፥ ብገበናዊ ሕጊ ክምዝኽልከል ምግባር | 2014 – 2019 |
| | ንቆልዑት ኣብ ምህርቲ ዕጸ፡ፋርስ ብምምጻእን ብምውፋርን ከም ምግባር፥ ብገበናዊ ሕጊ ከምዝኽልከል ምግባር | 2013 – 2019 |
| | ትሕቲ 18 ዕድመ ዝኾኑ ቆልዑት ካብ መንግስታዊ ወጻኢ ብዝኾኑ ዕጡቓት ንከይምልመሉ ብገበናዊ ሕጊ ከም ዝኽልከል ምግባር | 2016 – 2019 |
| | መንግስቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ብናጻ ዝወሃበሉ ብሕጊ ምርግጋጽ | 2016 – 2019 |
| ኣተገባብራ | ንምወላ ተቖጻጸርቲ ዕዮ፤ ብዝሒ ጥሕሰት፥ ዝተበየኑ መቕጻዕትን ካብ | 2009 – 2019 |

| | | |
|---|---|---|
| | መቕጻዕቲ ብዝሒ ዝተኣከበ መጠን፤ ኣገባባት ጥርዓንን ናብ ላዕለዋይ ኣካል ናይ ዝምርሓሉ መስርሕን ምትእትታዎም ዘረጋግጽ ሓበሬታ ምውጻእ | |
| | ጻዕርታት ኣብ ኣተገባብራ ገበናዊ ሕጊ ከምኡውን መበገሲ ስልጠና ንሓደስቲ መርመርቲ ፣ ሰነድ ገበናዊ መርመራታት፣ ጥሕሰታት፣ ክሲ ገበንን እምነት ገበንን ኣብ ጉዳይ  ኣዝዩ ዝኸፍአ ሸቕለት ቖልዑ ዘረጋግጽ ሓበሬታ ምውጻእ | 2019 |
| | ቴክኒካዊ ምኽሪ ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ (ኣይ ኤል ኦ) ንምርኻብ ቁጽሪ ተቖጻጸርቲ ምውሳኽ | 2018 – 2019 |
| | ተቖጻጸርቲ ዕዮ እኹል ዓቕምታት ከምዝህልዎም ምምርግጋጽ ፡ ሓደ ካብኡ ድማ ናብቲ ሸቕሊ ቖልዑት ከጋጠመሉ ተኽእሎ ዘለዎ  ቦታታት ንምብጻሕ ዘኽእል መጎዓዝያ ከምዝረኽቡ ምግባር | 2019 |
| ምውህሃድ | ናይ ምውህሃድ ኣገባባት ብምድላው ብቐጥታ ሸቕለት ቖልዑ መዓልቦ ክረክብ ምግባር | 2009 – 2019 |
| ፖሊሲታት መንግስቲ | ንኣጠቓላሊ ሃገራዊ ፖሊሲ ቖልዑ ንምትግባር ዘኽእል ምንቅስቓሳት ምትግባሩ ምርግጋጽ | 2009 – 2019 |
| | ትሕቲ 18 ዓመት ቖልዑት  ኣካል ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ዝኾነ ወታሃደራዊ ኣገልግሎት ወይ ኣብ ሓደገኛ ሸቕሊ ከምዘይምደቡ ምርግጋጽ | 2009 – 2019 |
| ማሕበራዊ ፕሮግራማት | ኣብ ናይ 2018 ልምዓታዊ መደብ ጽላት ትምህርቲ ተጠቒሱ ከምዘሎ፣ ተወሰኽቲ ኣብያተ ትምህርቲ ብምህናጽን ፊናንስያውን ሃይማኖታውን ማሕለኻታት ሱታፌ ቖልዑ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ብምእላይ ቀረብ ትምህርቲ ቖልዑ ምርግጋጽ | 2010 – 2019 |
| | ኣብ ደረጃን ዓይነትን ሸቕሊ ቖልዑ ዝወጹ ንፖሊሲታትን ፕሮግራማትን ዝሕግዝ ሓበረታ ወይ ሰነድ ምእካብን ምሕታምን | 2009 – 2019 |
| | ምቛም ሸቕለት ቖልዑ ክኣሊ ዝኽእሉ መደባት ፡  ኣብ ሕርሻ፣ ዘቤታዊ ዕዮን ናይ ግዳም ጽርግያ ዕዮን ክኸውን እንከሎ፣ ኣብቲ ኣዝዩ ዝኸፍአ ሸቕለት ቖልዑ ከምዝኾነ ዝግለጸሉ ንግዳዊ ጾታዊ ምዝመዛ ቖልዑ ብፍላይ ዘተኮረ መደባት ምትእትታው | 2009 – 2019 |